## ዝርርብ ምስ ሓኪም ከምኡ 'ውን መርመራ ሕክምና

ብጓል ኣንስተይቲ ሓኪም ጥራይ ክትምርመሪ ከም ትደልዪ ክትነግሪ ትኽእሊ ኢኺ። እቲ ዘለኽዮ ሕክምና ድማ ብዝተኻእለ መጠን ድሌትክን ከማልእ ይጽዕር እዩ።

እቲ ዘጋጠመ ኩሉ ምትንታን የድሊ። ከምኡ ምስ ትገብሪ ጥራይ ኢኺ ሓኪምኪ ከጋጥም ዝኽእል ማህሰይቲ ሰውነትኪ ወይ ሳዕቤናት ክትግምግም ትኽእልን ብኡ መሰረት ድማ ግቡእ መርመራ ከተካይደልኪ ትኽእል።

## ናይ መርትዖታት ዕቃቤ

**ናይ ማህሰይትኺ ጾብጻብ ኑቲ ዘጋጠመ ነገር ብግቡእ ንኽምርመር ይጠቅም።** እዚ ድማ ንሕጋዊ ገበናት (ክሲ) ከምኡ ድማ ንስቪላዊ መሰላት (ካሕሳ፡ ገንዘባዊ ምሕዋይ) ንኽግበር ዓቢ ተራ ይጻወት። ምናልባሽ ኣብዚ ዘለኽንኦ ኩነታት እዚ ነገራት ኣድላይነት ዘለዎ ኮይኑ ኣይስመዓክንን ይኸውን። ግን እዚ ስምዒት ምስ ግዜ ክቕየር ይኽእል እዩ። ጽቡቕ ውጽኢት መርመራ ድማ ተመሊስካ ዝግበር ነገር ኣይኮነን።

**እንተደኣ ሕክምናዊ ውጽኢት መርመራ ክዕቀበልኪ ወሲንኪ፡** ኣብ ሰውነትኪ ዝተረፈ መርትዖታትን ኣብ ኣካላትኪ ዘስዓበ ማህሰይትን ክዕቀብ ይከኣል እዩ። ስለዚ ደሓር ክሲ ክትምስርቲ እንተ ወሲንኪ እቲ መርትዖታት ኑቲ ክሲ ዓቢ ደገፍ ይህቦ። እዚ ሕክምናዊ መርመራ ዋላ እውን ብዓይንኻ ክረአ ዝኽእል ማህሰይቲ እንተዘይብልኪ ከተተግብርዮ ግን ኣገዳሲ እዩ!

**ክዳን ምስ ትቕይሪ፡ ክዳውንትኺ ምስ ትሓጽብዮ ወይ ንባዕልኺ ምስ ትሕጸቢ ብዙሕ መርትዖታት ክጠፍእ ይኽእል እዩ።** ስለዚ ብዝተኻእለ መጠን ቅድሚ ሕክምናዊ መርመራ ኣይትተሓጸቢ ነብስኺ።



**እቲ ንገበናዊ ምክትታል ዝጠቅም መርትዖታት ንዝተወሰነ እዋን ብግቡእ ይቕመጥ** (ኣብ ታሕቲ ተዓዘቢ)።

ኣብ ንኡስ ዞባ ቬተራው እቲ ዝተኣከበ መርትዖታት ናብ ናይ **ገበናዊ መርመራ ዝግበረሉ (Institut für Rechtsmedizin)** ክሊኒክ ኣብኡ ንኽተሓዝ ይስደድ። ኣብዚ ቦታ ድማ እቲ ዝተዓሸገ መርትዖታት ይቕመጥ እሞ ገበናዊ ክሲ ምስ ዝምስረት ናብ ፖሊስ ይመሓላለፍ።

እቲ **ዝቕመጠሉ ናይ ግዜ ገደብ** ኣብ ናይ ጊሰን ገበናዊ መርመራ ክሊኒክ ኣብዚ እዋን እዚ ን**1 ዓመት** እዩ። ድሕሪ ሓደ ዓመት ኩሉ እቲ መርትዖታትን ካብ ሰውነትኪ ዝተወሰደ ፈሳሲታትን ብቐጥታ ይድምሰስ።

**ኣስተውዕሊ:**
**ብዛዕባ ምድምሳስ መርትዖታት ኣቐዲሙ ኣይሕበረክን እዩ!**

**እዚ ማለት ንስኺ ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓምት** እቲ ዝተኣከበ መርትዖታት ኣብ ጥቕሚ ክውዕል ኣለዎ ድዩ የብሉን ክትውስኒ ኣለኪ። ብመሰረቱ ድማ ክሲ ንኽትምስርቲ ክሳብ 20 ዓመት ድሕሪ እቲ በደል ክትምስርቲ ግዜ ኣለኪ። (ናይ ገበናት መስርሕ ተዓዘቢ)።

**ተወሰኽቲ ሓበሬታ ኣብዚ ትረኽቡ:**
www.soforthilfe-nach-vergewaltigung.de/
unter „Wetterau“





**ኣብዚ ሕክምና ክትከዲ ትኽእሊ:**

**Hochwaldkrankenhaus Bad Nauheim**
ጨንፈር ጂኖክሎጂ
Gynäkologische Ambulanz
(Facharztzentrum, Treppe B)

Chaumontplatz 1
61231 Bad Nauheim

ቴሌ. (0 60 32) 7 02-12 07
ፋክስ (0 60 32) 7 02-11 40

**ናይ ስራሕ ሰዓታት:** 8.00 –16.00

**ካብ ናይ ስራሕ ሰዓት ወጻኢ:** Interdisziplinäre Aufnahme (ኢመርጀንሲ) ቴሌ. (0 60 32) 7 02 24 08

**ግቡእ ሕክምናዊ ረዲኤት ንኽትረኽቢ በዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ናይ መርበብ ኢንተርነት ኣቲኺ ኣብቲ „ቬተራው“ ዝብል ኣቲኺ ርክብ ክትገብሪ ነማኽር**
www.soforthilfe-nach-vergewaltigung.de
**ቅድሚ ሕክምና ምኻድኪ ኣብዚ መርበብ ኢንተርነት ኣቲኺ ሓበሬታ ክትቀስሚ ንላቦ።**

## ጥንሲ ምስ ዘጋጥም - መስደዲ ጥንሲ ድሕሪ ዓመጽ

ብሰንኪ ዘጋጠመ ዓምጽ ስጋዊ ርክብ ዘይተደልየ ጥንሲ ንኸየጋጥም፡ ከከም ዓይነት መድሃኒት ክሳብ 72 ሰዓታት ሓደ ሓደ እዋን እውን ክሳብ 120 ሰዓታት መስደዲ ጥንሲ መድሃኒት ክትወስዲ ትኽእሊ ኢኺ።

እዚ መስደዲ ጥንሲ ብዘይ ናይ ሓኪም ወረቐት ኣብ ዝኾነ ፋርማሲ ክግዛእ ይከኣል እዩ። ንደቀንስትዮ ትሕቲ 20 ዓመት ዘለወን መናእሰያት ናይ ሓኪም ወረቐት ምስ ዘምጽኣ ብነጻ ክወሃብን ይከኣል። ካብ 18 ዓመት ንላዕሊ ድማ እቲ ናይ ሓኪም ወረቐት ግብሪ ክኽፈለሉ ኣለዎ።



## ብድሕሪ ዚ 'ኸ?

ብዝተኻእለ መጠን በይንኺ ኣይትኹኒ። ድሕሪ ፍጻሜ ብቐጥታ ወይ ድማ ድሒርኪ ከም ናብ **Frauen-Notruf Wetterau** ደዊልኪ መብርሂን ጠቓሚ ሓበሬታን ክትቀስሚ ትኽእሊ ኢኺ። እቲ ምኽሪ ብነጻ ኣገልግሎት ኮይኑ ብምስጢራዊ ኣገባብ እዩ ዝሰላሰል።

ቋንቋ ጀርመን ብዙሕ ዘይትመልኪ ኮይንኪ ወይ ውን ናይ ምስማዕ ጸገም እንተለኪ ኣተርጓሚት ክንጠልበልኪ ይከኣል እዩ።

ገለ ኣርእስታት ብተሌፎን ወይ ብኣካል ዝግበረሎም ዝርርባት:

- ብኸመይ ነብሰይ ክከላኸል ይኽእል?
- ኣብ መጻኢ እንታይ ተገበርኩ ይሓይሽ?
- ሓገዝ ወይ ደገፍ ካበይ ክረክብ ይኽእል?
- ኣየኖት መሰላት ኣለውኒ?
- ኣየኖት ተወሰኽቲ ሓገዛት ኣለዉ?

**Frauen-Notruf Wetterau e.V.**
Hinter dem Brauhaus 9
63667 Nidda
ተሌፎን (0 60 43) 44 71
ፋክስ (0 60 43) 44 73
ኢመይል: frauennotruf@t-online.de
www.frauen-notruf-wetterau.de

# ነፍስወከፍ ዓመጽ ሕክምናዊ ረዲኤት የድልዮ።

# ኣብ ሕክምና ድማ ምስጢራዊ ዝኾነ ሓገዝ ይግበረልክን።



ቬተራው

MEDIZINISCHE SOFORTHILFE NACH VERGEWALTIGUNG

▸ ▸

**እዞም ዝስዕቡ ሓደስቲ ቐረባት እውን ተዳልዩልኪ ኣሎ:**

- ናይ ስጋዊ ርክብ ገበን ከም ዝተፈጸመ ጥርጣረ እንተሎ
- እንተ ደኣ ናይ ዓመጽ (ምግሳስ) ግዳይ ኮይንኪ
- ዝኾነ ሰብ ምሳኺ ስጋዊ ርክብ ክፍጽም እንተ ኣገዲዱኪ
- ግዳይ ዓመጽ ዝኾነት ጓል-ኣንስተይቲ ክትተሓባበርያ እንተ ደሊኺ
- ብዛዕባ እዚ ኣርእስቲ ሓበሬታ ክትቀስሚ ምስ ትደልዪ
- ጾታ፡ ዓሌት፡ መንበሪ ፍቓድ፡ ስንክልና ብዘየገድስ ንኹሉ ሰብ ይምልከት።

# ጥዕናኺን ብድሕሪ ዘጋጠመ ኩነታት ዘሎ ግዜን ቅድሚ ዝኾነ ነገር ዝስራዕ ባእታ እዩ።





እንተ ደኣ ግዳይ ዓመጽ ስጋዊ ርክብ ኮይንኪ እሞ ብውዕዩ እንከሎ ክሲ ክትምስርቲ ደሊኺ ኣብዚ ቁጽሪ ደውሊ:

**መደበር ፖሊስ ፍሪድ በርግ**
Grüner Weg 3 | 61169 Friedberg
ተለፎን **(060 31) 6 01-0** | ፋክስ (0 60 31) 6 01-1 81
... 24 ስዓት ኣብ ዝኾነ መዓልቲ ኣለዉ።

ፖሊስ ድማ ክሲ የዳልዉልኪ፡ ንኽትምርመሪ ይወስዱኺ ከምኡ 'ውን መርትዖታት ኣብ ሕክምና የዳልዉ።

## ክሲ ክትከሲ ኣይደለኽን

ግዳይ ዓመጽ ስጋዊ ርክብ ኮይንኪ ግን ከኣ ብውዕዩ እንከሎ እቲ ጉዳይ **ክሲ ክትምስርቲ እንተ ዘይደሊኺ** ባዕልኺ ናብ ሆስፒታል ሆኽ ቫልድ ባድናውሃይም (Hochwaldkrankenhaus Bad Nauheim) (s.S. 8) ክትከዲ ትኽእሊ ኢኺ።

ብዘይ ናትኪ ፍቓድ ወይ ውሳኔ ድማ ክሲ ክግበረሉ ኣይክእልን እዩ። እቶም **ሓኻይም እውን ንዝኾነ ኣካል ብዛዕባ መርመራኺ ክዛረቡ ኣይፍቀደሎምን እዩ።**

**ካብዞም ዝስዕቡ ኣማራጺታት ክትውስኒ ትኽእሊ ኢኪ:**

1. ሕክምናዊ ረዲኤት ጥራይ ምበር ዝተረኽበ ናይ መርትዖታት ምዕቃብ ንኸይግበር
2. ሕክምናዊ ረዲኤትን ንዝተረኽበ መርትዖታት ንኽዕቀብን።

ኣብዚ መርበብ ኢንተርነት
www.soforthilfe-nach-vergewaltigung.de ኣብቲ „**Wetterau**" ዝብል ምስ ትጥውቑ፡ ኩሉ ዘድሊ ሓበሬታ ብዛዕባ ሕክምናዊ ቅጽበታዊ ክንክንን ክትረኽቡ ትኽእሉ።



## መዓስ

ሕክምናዊ ክንክንክ ድሕሪ ዓመጽ ስጋዊ ርክብ ብዝተኻእለ መጠን ኣብ ሓጺር እዋን ድሕሪ ኩነት ክኸውን ኣለዎ። ናብ ሕክምና ምኻድ ከሰክፈኪ የብሉን። ዋላ እውን ዝረአ ማህሰይቲ ኣብ ሰውንተኪ እንተዘየሎ። እቲ ዘጋጠመ ዓመጽ ቅድሚ ቅሩብ መዓልቲ ዝተፈጸመ እንተ ኮይኑ ድማ ኣብ ክንዲ ብለይቲ ብቀትሪ ናብ ሕክምና እንተ መኣእኪ ዝያዳ ሓካይም ስለ ዝርከቡ ብቕልጡፍ ክትረኣዩ ትኽእሊ።

## ዋላ እውን መናእሰያት ደቂ-ተባዕትዮ ኣደዳ ዓመጽ ይኾኑ 'ዮም

እዚ ኣብ ላዕሊ ተጠቒሱ ዘሎ ቀረባት ሓገዝ ከከምቲ ዘድልየኪ ክትጥቀምሉ ትኽእሊ ኢኺ።
(ሓበሬታ: www.soforthilfe-nach-vergewaltigung.de ኣብቲ „**Wetterau**")
ብሰንኪ ብዝሒ ግዳይ ዝኾና ኣዋልድን ደቀንስትዮን፡ እቲ ቀንዲ ሓገዝን ገስገሳን እዚ ስራሕ እዩ።



## ኣብ እዋን ሕክምናዊ መርመራ ኣብ ጎንኺ ምኧን

ከከም ኩነታት ጥዕናኺ ህላውነት ቤተ-ሰብኪ ኮነ መሓዙትኪ ኣዝዩ ጠቓሚን ኣድላይን ክኸውን ይኽእል እዩ። ምናልባሽ እታ ሰብ ኣብቲ መመርመሪ ክፍሊ ኣይትኣቱን ትኸውን። ምሳኺ ኮይና ግን ተጻብየክን ናብ ገዛ ክትማላኣክን ትኽእል እያ።



ኣብዚ www.soforthilfe-nach-vergewaltigung.de/
ኣብ „**Frankfurt am Main**" ምስ ትጥውቑ ነዞም ዝስዕቡ ሓበረታ ትረኽቡ:

- ሕክምናዊ መርመራን ክንክንክን **ብዘይ** ዕቃበ መርትዖታት
- ሕክምናዊ መርመራ ምስ ምስጢራዊ ምዕቃብ በርትዖታት
- ክትገብርዎ ዘለኩም ኣገባብ ድሕሪ ምጥቃም ዕጸ-ፋርስ፡ መስተ፡ ወይ ድማ ስሚ ዝዓይነቱ ነጠብጣብ ኣብ መስተኹም ከም ዝተገብረ ምስ ትጥርጥሩ
- ክትገብርዎ ዘለኩም ኣገባባት ብእዋናዊ ኮነ ናይ ቀደም መጻምድቲ ግፍዒ ምስ ዘጋጥመኩም
- በዓል ግዳይ ዝኾኑ ደቂ-ተባዕትዮ
- ክትገብርዎ ዘለኩም ኣገባብ ትሕቲ 18 ዓመት ምስ ትኾኑ
- ብስጋዊ ርክብ ክመሓላለፉ ዝኽእሉ ሕማማት፡ መድሃኒት ድሕሪ ዓመጽ፡ ወዘተ
- ምኽዛን መርትዖታትን ኣብ መጻኢ ግዜ ክሲ ምስ ዝምስረትን
- እንታይ ክግበር ኣለዎ ድሕሪ ዓመጽ?
- ክኢላታትን ቤተ-ሰብን
- ኣድራሻታት

እቲ ዝርእየኪ ሓኪም ኮነ እታ ትርእየኪ ሓኪም ነቲ መርመራ ክገብሩ ንስኺ ሓላፍነት ምስ ትህብዮም ጥራይ እዩ። ከም ሓካይም መጠን ድማ ብምስጢር ክዕቅብዎ ብሕጊ ይግደዱ እዮም።

**ስለዚ ብዘይ ናትኪ ፍላጥ ወይ ድሌት ዝግበር ዋላሓንቲ የልቦን። ዋላ እውን ንፖሊስ ብዘይ ድሌትኪ ክሕብሩ መሰል የብሎምን። ሓኪም ብሕጊ እውን ኣክንዳኺ ኮይኑ ክሲ ክምስርተልኪ ኣይክእልን እዩ።**

ሓካይም ከይረኣዩ ንገዛኺ ክመልሱኺ ኣይክእሉን እዮም። መርትዖታ ትንኽዕቀብ ኮነ ክሲ ንኽምስረት እውን ዝግድደክን ዝደፋፍኣክን ሰብ እውን ዋላሓደ የልቦን። ሕቶ ምስ ዝህልወኪ ምኽሪ ውሰዲ። ምስ ሓኪምኪ ኮይንኪ ድማ እቲ ንዓኺ ዝሓይሽ ተመያዪጥኪ ወስኒ።

**ሱዛነ ፍሮህሊሽ**
ካብቶም ዕዉታት ጸሓፊ መጽሓፍን ጋዘጤኛን እያ። ንሳ ነዚ
**„ሕክምናዊ ቅጽበታዊ ሓገዝ ድሕሪ ዓመጽ "** ዝብል ተበግሶ ትድግፍን ተተባብዕን። ሱዛነ ፍሮህሊሽ ነቲ ተበግሶ ክትቃለስ ርዱእ እዩ ነይሩ።



*„ኣነ ጓል-ኣንስተይቲ ጥራይ ዘይኮንኩስ ኣደ እውን እየ", ብዝብል ጭርሖ እያ ተበጊሳ። „እተን ሰብ ግዳይ ክልጠኦ ዘለወን ሓደ ነገር፡ እቲ ሓላፍነት ባዕለን ዘይኮነ እቲ ዓማጺ እዩ ክስከም ዝግባእ." ንሳ ብርግጽ ከም ትኣምነሉ: „ብዛዕባ እዚ ኣርእስቲ ኣዝዩ ውሑድ እዩ ዝዝተየሉ። ስለዚ ኣቓዲምኪ ብዛዕባ ክንክንን ዝግበር ሓገዛትን ፈሊጥኪ ነቒሕኪ ምጽናሕ ኣገዳሲ እዩ"*

**„ሕክምናዊ ረዲኤት ምግሳስ (ዓመጽ) ምስ ዘጋጥም" ኣብ ንኡስ ዞባ ቬተራው ብ:** ዲፓርትመንት ደቀንስትዮን ማዕርነትን ጨንፈር ንኡስ ዞባ ቬተራው | **ዲፓርትመንት መንእሰያትን ማሕበራዊ ጉዳያትን** ጨንፈር ንኡስ ዞባ ቬተራው | ማእከል ጥዕና ቬተራው ሓ.ዝ.ብ.ማ. ሆኽ ቫልድ ሆስፒታል ባድ ናውሃይም | ናይ ገበናት ሕክምናዊ ኢንስቲቱት ጊሰን | ቤት ጽሕፈት ፖሊስ ማእከላይ ሄሰን – PD Wetterau | ናይ ሕጊ ጠበቓ ዶ/ር ካል + ዶ/ር ኮኽ+ ዶ/ር መትዝ | ናይ ደቀንስትዮ ኣብ እዋን ሓደጋ ዝድወሎ ንኡስ ዞባ ቨተራው

© Beratungsstelle Frauennotruf Frankfurt